# ምክንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ድማ “ልማዳዊ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምትልታል”ን ሕጊን ኣውስትራሊያ

## ልማዳዊ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምትልታል”፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

### ምክንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ እንታይ እዩ?

ምክንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ድማ ብካልኣይ ሽሙ “ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምትልታል ብልዕቲ/ሓፍረት” ባህላዊ ተግባር እዩ። ንሱ ድማ ናይ ሓፍረት ደጋዊ ኣካል፤ ከንፈር-ሓፍረት ከም እውን ቂንጥር ዝሓዘ እዩ። ዘኸትሎ ናይ ጥዕና ረብሓ የለን፤ ብዘይካ ናይ ሓደ ሰብ ናይ ግብረ-ርክብን ናይ ተዋልዶ መጻኢ ዕድል ካብ ምብልሻው ወጻኢ፤

### ብዛዕባ እዚ ተግባር ብፍላይ ኣብ (1)ን (2) ዘሎ እቲ ሕጊ እንታይ ይብል?

ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ዝፍጸም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክንሸባ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

ብዶክተር ንሓለዋ ጥዕና ክበሃል ዝግበሩ እንተዘይኮይኖም እዞም ዝስዕቡ ዘይሕጋዊ ኽልኩላት እዮም።

- ዝኾኑ ኣካላት ሓፍረት እንኮላይ ቂንጥረን ከንፈረ-ሓፍረት ምውጋደ ይኹን ምቑራጽ
- እቲ ናይ ብልዕቲ/ሓፍረት ከባቢ ብሓደ ጠሚርካ ምስፋይ
- ናይ ብልዕቲ/ሓፍረት ክፍተት ወይ ድማ ንኻል ክጸብብ ወይ ድማ ክዕጾ ዝገብር ከይዲ/ተግባር
- ነቲ ቂንጥር ኮነ ኣብ ከባቢ ቂንጥር ዘሎ ከባቢ ምቑራጽ
- ነቲ ብልዕቲ/ሓፍረት ምስ ከባቤኡ ምጉዳእ፤ ምቍራጽ።

ኣብ ቪክቶርያ ጸረ-ሕጊ ተግባር ዝኾውን፤

- ንሱ ድማ ንክንሸባ ክበሃል፤ ንዝኮነ ሰብ ካብ ኣውስትራሊያ ንወጻኢ ምውሳድ፤ ወይ ድማ ናብ ኣውስትራሊያ ምውሳድ፤
- ንዝኾነ ሰብ ንደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ኣሳላጣይ ሓጋዚ ምኻን፤
- ዝኾነ ሰብ ንክኽንሸብ ምልላይን ንኡኡ ምቕራብን

**ዋላ ሓደ ዝክንሸብ ነቲ ተግባር እንተተስማማዕወን፤ ወይ ድማ ወለዱ እንትስማማዕው እውን፤ ምክንሻብ ካብ ሕጊ ወጻኢ ምኻኑ ኣይተርፍን፤**

### ሓደ ሰብ ነቲ ሕጊ እንተጥሒሱ እንታይ ይበጽሖ?

ሓደ ሰብ ንሕጊ ጥሒሱ ዝበሃል፤

- ነቲ ተግባር እንተፈጺምዎ፤
- ነቲ ተግባር ካልእ ሰብ ክፍጽሞ እንተተሓባቢሩ፤
- ነቲ ተግባር ክፍጽም ምእንታን ንካልእ ሰብ መምጻኣይ እንተኾይኑ፤

ኣብ ቪክቶርያ፡ እቲ መቕጻዕቲ ክሳዕ ናይ 15 ዓመት ማእሰርቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ዝኾነ ናይ መጥባሕቲ ስራሕቲ ይፈቐድ ዶ?

ኣብ ልዕሊ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ኣካላት ብልዕቲ/ሓፍረት መጥባሕቲ ኣብ ዝኾኑ ኩነታት ክፍቀድ ይኽእል እዩ። ናይ ሕክምና ዶክተር ወይ መዋለዲት ንናይ መጥባሕቲ ተግባር ክፍጽሙ ይኽእሉ እዮም።

- እቲ ተግባር ድማ ዝካየድ ብምኽንያት ጥዕና እዩ ክኸውን ዝኽእል።
- ኣብ እዋን ሕርሲ ወይ ድማ ልክዕ ድሕሪ ምውላድ ክግበር ኣድላያይ ክኸውን ይኽእል።

ወይ ድማ፡ ሓደ ናይ ሕክምና ዶክተር ንጾታ ናብ ተፈጥሮኣዊ በትኡ ክመልስ ምእንታን ኣብ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ኣካል ሓፍረት መጥባሕቲ ክገብር ይኽእል እዩ።

### ሓደ ሰብ ድሕሪ ምውላድ ወይ ከዓ ድሕሪ ዝኾነ ምሰ ምውላድ ዝተሓሓዘ ዝተኻየደ ተግባር ሕክምና ካልኣይ ናይ ምስፋይ ነገር ከጋጥሞ ዶ ይኽ እል?

ኣይፋሉን፡ ምስ ጥዕና ርክብ ንዘይብሉ ምኽንያት፡ ንብልዕቲ/ሓፍረት ክተጽብብ ወይ ድማ ክትዓጺ ዝግበር ስራሕ ቕቡልነት የብሉን፤

ኮይኑ ግና፡ ናይ ምቕዳድ ወይ ድማ ብመጥባሕቲ ዘጋጠመ ናይ ምቑርራጻት ኩነታት እንተሃልዩ፡ ድሕሪ ምውላድ (ምግልጋል) ምስፋይ ከድሊ ይኽእል ይኸውን። ንሱ እውን ድሕሪ ምውላድ ብናይ ሕክምና ዶክተር ወይ ድማ ብመዋለዲት ዝፍጸም እዩ።

## ኣብ ልዕሊ ቖልዓ ብዛዕባ ዝተፈጸመ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ምክንሻብ (ባህላዊ ምቑራጽ) ንመንግሰታዊ ኣካላት መን የፍልጦም?

ኣብ ቪክቶርያ፤ ናይ ደቒ ኣንስትዮ ክንሸባ ንሕጊ ዝጻረር እዩ ተባሂሉ እዩ ዝውሰድ። ኣብ ልዕሊ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ቖልዓ ዝተገብር እንተኾይኑ ድማ ናይ ቖልዓ ኣመጽ ምግፋዕ ተባሂሉ እዩ ዝውሰድ።

እዚ እንታይ ማለት እዩ እንተይልና፡ ምስ ቖልዑ ዝሰርሑ ዶካትር፤ ነርስታት፤ መዋለዶ፤ መማህራን፤ ኣብ ናይ ቖልዓ ጉዳይ ዝሰርሑ፤ ከም እውን ፖሊሳት ዝጠርጠርዎ ነገር እንተሃልዩ ንመምርሒ ጥዕናን ሰብኣዊ ግልጋሎትን ከፍልጡ ግድን እዩ።

እዚ ኢልና፡ ዝኾነ ሰብ ናብ መምርሒ ጥዕናን ሰብኣዊ ግልጋሎትን ከመልክት ዝኽእል ምኻኑ ግና ከም ዘሎ እዩ።

## ንተወሳኺ መረዳእታ፤

ናይ ስድራቤትን ስነ ተዋልዶን መደብ ኣስተምህሮ ሰራሕተኛታት (FARREP፡) ኣብ ደቒ ኣንስትዮ ዝበሃል ትምህርቲ ሶኒ ሶኒ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ እስካዕ ሰዓት 5 ናይ ድሕሪ ሰዓት ይቐርብ እዩ።

ተለፎን፡ (03) 8345 3058
ኢሜል: farrep.program@thewomens.org.au
ፋክስ: (03) 8345 3053

ወይ ድማ፡ ንFARREP ሰራሕተኛ ዝበሃል ናይ ከባቢኩም ጥዕና ማእከል ርኸብዎም

ንተወሳኺ መረዳእታ ንድህረ-ገጽና ተወከሱ
http://www.thewomens.org.au/health-information

## ዝጥወቕ መስመር ርክብ (Language link)

***በርስዎ ቋንቋ መረጃ ለማግኘት በድረገጻችን ላይ ይጎብኙ***
للحصول على المعلومات بلغتكم زوروا موقعنا الإلكتروني
用您說的語言瞭解詳情，請瀏覽我們的網站
Για πληροφορίες στη γλώσσα σας επισκεφθείτε την ιστοσελίδα μας
अपनी भाषा में जानकारी प्राप्त करने के लिए हमारी वेबसाइट पर जाइए
Per informazioni nella vostra lingua visitate il nostro sito web
Macluumaad intaas ka badan oo af Somali ah booqo websaytkayaga
Kendi dilinizde bilgi almak için web sitemizi ziyaret edin
Để biết thông tin bằng ngôn ngữ của quý vị, hãy truy cập trang mạng của chúng tôi

## ኣስተርጓማይ ትድሊ ዶ?

Interpreter

ኣስተርጓማይ ትድሊ እንተኾይንካ ክግበረልካ ሕተት።

## ደገፍ ኣንጻር ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ስድራ

**1800 ብሄራዊ ናይ ህጹጽ ርክብ መስመር**

እንተድኣ ጾታዊ ጥቕዓት፡ ናይ ገዛ ውሽጢ፤ ኣብ ስድራቤት ውሽጢ ዓመጽን ምግፋዕን እንተጋጢሙ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብ ዝኾን እዋን፤ ቐትሪ ኮን ለይቲ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።
1800 737 732 (ናይ 24 ሰዓት ደገፍ)
1800respect.org.au

## ናይ ሕጊ መወከሲታት

### ናይ ቪክቶራያ ሕግታት

- ሕጊ ገበን 1958 (Vic)  s32-34A
- ቖልዑ፤ መናእሰይ ከምኡ እውን ስድራቤት ዝምልከት ሕጊ 2005 (Vic)s162, s163, s182, s184

### ናይ ካልኦት ናይ ኣውስትራሊያ መንግስታትን ግዝኣታትን ሕግታት

- ናይ ገበን ሕጊ 1900 (ACT) s73-s77
- ናይ ገበን ሕጊ 1900 (NSW) s. 45, s45A
- ናይ ገበን ሕጊ መጽሓፍ (NT) ክፍሊ 4A
- ናይ ገበን ሕጊ መጽሓፍ 1899 (Qld) 323A, 323B
- ናይ ገበን ዝተጠቓለለ ናይ ሕጊ መጽሓፍ 1935 (SA) ክፍሊ 8
- ናይ ገበን ሕጊ መጽሓፍ 1924 (Tas) s178A
- ናይ ገበን ሕጊ መጽሓፍ ዝተጠረዘ Act 1913 (WA) s306

ብጌጋ ከይትርድኡና መዘኻኸሪ  እዚ ናይ መረዳእታ ወረቐት እዚ ሓፈሻዊ መረዳእታ ጥራሕ ዘቕርብ እዩ። ንዝርዝርን ብውልቓም ንዝደልይዎ ሓገዝ ግና ካብ ናቶም ናይ ጥዕና ብዓል ሙያ ማዕዳ ተወከሱ። ኣብ ክንዲ ናብ ሓኪም ምኻድ ኣብዚ ወረቐት ኣብ ዝተጽሓፉ ማዕዳታት ብምምርካስኩም ጉድኣት ወይ ድማ ጥፍኣት እንተጋጢሙ ሮያል ናይ ደቒ ኣንስትዮ ሆስፒታል ሓላፍነት ኣይወስድን፤ ኣይቕበልን እውን። ህጹጽ ናይ ሕክምና ቖላሕታነ ኸትትልን እንተድልዩኩም፤ ኣብ ቐረባኹም ንዘለዉ ናይ ህጹጽ ግዘ መምርሒ (ዲፓርትመንት) ርኸብዎም። © The Royal Women's Hospital 2025